# መበል 24 ዓመት ጽንብል ናጽነት
# ኣብ ከተማ ከለን
# ብልዑል ሃገራዊ መንፈስ ተባዒሉ

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ከለንን ከባቢኣን " ልምዓት ብጽንዓት " ብዝብል ቴማ መሪሕ ቴማ ብዕለት 23 ግንቦት 2015 ኣብ ከተማ ከለን መበል 24 ዓመት ጽምብል ሃገራዊ ናጽነት ብኣማኢት ኤርትራውያንን የዕሩኽቶምን ፡ ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን ተቐማጦ ከተማታት ከለንን ከባቢኣን ከምኡውን ፡ ወጻእተኛታት ዕዱማት ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት፡ ብድምቀትን ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ኣብዒሎም።

መደብ ብዝከሪ ሰማእታትን ብተመሃሮ ቋንቋ ኣደ ማሕበረኮም እተሰነየ ሃገራዊ መዝሙር ኤርትራን ተከፍተ። ኣቦ መንበር ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ኣቶ ኣስመላሽ ተስፋይ ንብምኽንያት ብዓል ናጽነት ካብ ኢምባሲ ሃገር ኤርትራ ተላእከ ጽሑፍ ብድሕሪ ምንባብ ናይ ዮሃና ምንዮት ገለጸ ፡ ዋና ጸሓፊ ማ/ኮም ከለን ኣቶ መስፍን ዘርኣይ ድማ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብቋንቋ ጀርመን ብድሕሪ ምቕራብ ፡ መንእሰይ ቪቪያን ብርሃነ ኣብ ታሪኽን ቃልስን ህዝቢ ኤርትራን ትርጉም ብዓል ናጽነትን መንግስቲን ህዝቢ ኤርትራን ካብ ተጻባይነት ወጺኡ ብርእሰ ምርኮሳን ውሸጣዊ ዓቕምታትቱ ኣብ ዓለም ኣመስኪርዎ ዘሎ ናይ ምልዮነም 2015 ዓወታትን ሓጺር መብርሂ ብቛንቋ ጀርመን ሃበት።

ሰዒቡ መንእሰያት ህግደፍ ከለን ተዋሳእቲ ናይ ዕለተ ናጽነት ኣብ ከተማ ኮይኖም ብስእልን ቪድዮን ዝተሰነየ ብመንእሰያት ሊድያ ጸሃየን ምኪኤል ሃይለን ሓጺር ጸብጻብ ናይ መበል 11 ዋዕላ መንእሰያት ሀ.ግ.ደ.ፍ. ኤሮጳ ኣብ ጀረመን ዝተኻየደ ብምቕራብ ፡ መንእሰያት መቐጸልታ ታሪኽ ወለዶም ኮይኖም ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሖም ከምዘለዉ ክገልጹ ከለዉ ፡ ማዕሪኡ ድማ ሃገራዊን ባህላዊ ትርጉምን ታሪኽ ኤርትራ ሓዘል ዝኾነ ፡ ናይ ሕጻናት መዘናግዒ መደብ ኣካየዱ።

ልክዕ ኣብቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ናይ መበል 24 ዓመት ተጸምበለሉ ደቒቕ ተሳተፍቲ ጽምብል በዓል ናጽነት ከተማ ከለን ድማ ብምዉቁቕ ሃገራዊ ስምዒት ብውዕዉዕ ጣቕዒትን እልልታን ብምቑራጽ ቶርተን ምኽፋት ሻምፓኝን ጸምቢለም። ንክብሪ ብዓል ነጻነት ኣብ ከተማ ከለን ንክምዕርግ ወናም ስነጥባባዊ ኣቶ ክፍሎም ገብረ ልኡል ምስ ጋንታ ብህሊ ካብ ሆላንድ ብዘቕረብዎ ዉዕዉዕን መሳጢን ባህላዊ ሃገራዊን ዘመናዊ ወነ ሰባት ክቕስቅስ ምስትምቻር ሙዚቃን ሳዕስዒትን እስክስታን ብተመሃሮ ማሕበረኮም ዝቐረበ ባህላዊን መሳጢን ብምዝንጋዕ መድብ ቀጸለ።

ኣብ መደምደምታ ሽ/ማ/ኮም ከለን ነዚ ክቡር በዓልና ምዕሩግን ውቁብን ንኽከውን ብተወፋይነትን ብውህደትን ምዕሩግ በዓል ንኽከውውን ዝገበሩ ሃገራውያን ወዳቢታት ከለንን ውልቀ ሰባትን ፡ ከምኡ ውን ካብ ከባቢ ከተማታት ከለንን ከባቢኣን በዓል ናጽነት ንምምዕራግ ብጥርንፉን ብወልቀን ንዝመጹ ብሽ/ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ዕዙዝ ምስጋናይ ብድሕሪ ምቕራብ ፤ ተኻፈልቲ ብዓል ከም ወትሩ ብውህደትን ስኒትን ፍቕርን ብምድፍናቕን ብምፍልላይ ፡ ወግዓዊ ጽንብል መበል 24 ዓመት ናጽነት ኣብ ከተማ ከለን ብምዕሩግ ኣገባብን ብዉዕዉዕን ልዑል ሃገራዊ መንፈስ ተዛዚሙ ።

" ልምዓት ብጽንዓት "
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ነቶም እዛ መዓልቲዚኣ ንኽትህሉ ዝገበሩ ስዉኣትና
ዓወት ንሓፋሽ
ክፍሊ ሓብሬታ / ማሕበረ-ኮም ከለንን ከባቢኣን ከለን 24. 05.2015